# ጭቡጥ መልስታት ንናይ ኮቪድ-19 ክታበት ሕቶታትኩም

ግንቦት 25 2021

ኣብ ካናዳ ኣርባዕተ ናይ ኮቪድ-19 ክታበታት ጸዲቖምን ድሮ ውን ኣብ መላእ ዓለም ሚሊዮናት ዝቑጸሩ ሰባት ተኸቲቦም። እዚ ቡለቲን ንሓፈሻዊ ስክፍታታትን ሕቶታትን ብዛዕባ እቶም ክታበታት ይሕብርን ስለ'ዚ ኸኣ ክታበት ኮቪድ-19 ምስ ወሰድካ ብዛዕባ ኣብ ነብስኻ እንታይ ይኣቱ ከም ዘሎ ኣገዳሲ ሓበሬታ ትረክብ። እዚ ኣብ'ዚ ቡለቲን ዘሎ ሓበሬታ ብዶካትርን ተመራመርትን ዝተረጋገጸ ኢዩ።



## ቁጥዐ ( ኣለርጂክ) ምስ ዝህልወኒ ነዚ ክታበት ክወስዶ ይኽእል'ዶ ፧

እወ! ዋላ'ኳ ታሪኽ ክቱር ቁጥዐ ኣብ ዝተፈላለዩ መግብታት፡ መድሃኒታትን ካልኦት ነገራት እንተለካ ናይ ኮቪድ -19 ክታበት ክትወስድ ውሑስ ኢዩ። እንተድኣ ታሪኽ ናይ ክቱር ቁጥዐ መልሰ- ተግባር እንተሃልዩካ፡ ጽቡቕ ይሰመዓካ ከም ዘሎ ንምርግጋጽ ድሕሪ ክታበት ምውሳድካ ን30 ደቓይቕ ኣብ'ቲ ማእከል ክታበት ጽናሕ። ኣባላት ሕክምና ንሳሕቲ ዘጋጥም መልሰ ተግባር ደገፍ ንምሃብ ኩሉሳዕ ኣብ'ቲ ቦታ ድልዋት ኣለው። እንተድኣ ኣብ ሓደ ካብቶም ፍሉያት ቀመማት ንክታበት ኮቪድ -19 ዘቑሙ ቁጥዐ (ከም ፖሊኤትሊን ግላይኮል ወይ ፖሊሶርበይት) ወይ ነቲ ናይ ቀዳማይ ዓቐን ክታበት ኮቪድ-19፡ ብውሑስ ነቲ ክታበት ከመይ ጌርካ ከም ትወስዶ ምስ ሓኪምካ ተዘራርብ። ኣስተውዕል እዞም ፍሉያት ቁጠዐታት ኣዝዮም ብሳሕቲ ዝርኣዩ ኢዮም።



## ጥዕናዊ ጸገም ምስ ዝህልወኒ ነዚ ክታበት ክወስዶ ይኽእል ዶ፧

ከም ሕማም ሽኮር፡ ጸቕጢ ደም፡ ሕማም ልቢ፡ ኣዝማ ወይ ኣነሚያ ምስ ዝህልወካ ነቲ ኽታበት ምውሳድ ውሑስ ኢዩ።

እንተድኣ ፍሉይ ጸገም ጥዕና ወይ ከኣ ንስርዓተ ተጸዋርነትካ ዘዳኽም መድሃኒት ትወስድ ሃሊኻ ( ኢሚኖሳፕረሲቭ ወይ ኢሚኑሳፕረሳንት ከም ኪሞተራፒን ልዑል ዓቐን ናይ ስተሮይድ ከኒና... ወዘተ) ወይ ኣውቶኢሙን ሕማም፡ እቲ ክታበት መዓስ ክትወስድ ከም ትኽእል ምስ ሓኪምካ ተዘራረብ።



## ክሳብ ዝበዝሐ ህዝቢ ነቲ ክታበት ዝወስዶ ክጽበ'ዶ ኣለኒ ፧

ኣይፋል! ተራኻ ኣብ ዝበጽሓሉ ነቲ ክታበት ክትወስዶ ኣለካ።ብ ኮቪድ-19 ዝስዕብ ሕማምን ሞትን ክከላኸለልካ ይኽእል ኢዩ። ካብ ግንቦት 25 ጀሚሩ ኣብ መላእ ዓለም ልዕሊ 1 ቢልዮን ዓቐን ክታበት ንህዝቢ ተዋሂቡ ኣሎ። ነቲ ለበዳ ንከኽትም ዝበዝሐ ህዝቢ ክታበት ክወስድ ኣድላዪ ኢዩ። ነፍሲ-ወከፍ ብዝቐልጠፈ ግዜ ነቲ ክታበት ምስ ዝወስዶ እቲ ሕብረተ ሰብ ውሑስ ይኸውን።



## ንኽንደይ እዋን ኢዩ እቲ ኽታበት ክከላኸለለይ ዝኽእል፧



ተመራመርቲ እቲ ኽታበት ብልክዕ ንኽንደይ እዋን ክከላኸል ከም ዝኽእል ንምልላይ ፈተነታት የካይዱ ኣለዉ። ኣብ መጻኢ ንቐጻልነት ምክልኻል ሕማም ኮቪድ-19 ንምብርታዕ ተወሳኺ ክታበት ንኽትወስድ ትሕተት ትኸውን።

እቶም ናይ ኮቪድ -19 ክታበታት ኣብ ዓይነት እቶም ክታበት ምርኩስ ብምግባር ብሓደ ወይ ክልተ ዓቐን ክውሰዱ ይኽእሉ። እንተድኣ እቲ ትወስዶ ክታበት ኣብ ክልተ ግዜ ዝወስድ ኮይኑ፡ ኣብ ደሓር መዓልታት ነቲ ካልኣይ ዓቐን ክታበት ንምውሳድ ክትምለስ ትሕተት ኢኻ። ካብ ሳዕቤን ክቱር ሕማም ወይ ሞት ኮቪድ-19 መሊእካ ንምክልኻል ነቲ ቀዳማይን ካልኣይን ዓቐን ናይ'ቲ ክታበት ክትወስዶ ኣለካ።

ኣስተወዕል! ወላ'ውን ድሕሪ ክታበት ምውሳድካ ንኹሎም ቅጥዕታት ናይ ድሕነት መለኪዒታት ኮቪድ-19 ከም ማስኬራ ምግባር፡ ካብ ሓድ-ሕድ ምርሕሓቕ፡ ከምኡ ውን ምሕጻብ ኢድ ከተማእል ኣለካ።

ክታበታት ንነብስኻን ንእተፍቅሮ ህዝብን ካብ ሕማም ኮቪድ-19 ይከላኸሉ። ዝያዳ ህዝቢ ምስ ዝኽተብ፣ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ በቲ ሕማም ኣይጥቃዕን።



እዚ ቡለቲን ሓጋዚ ኮይኑ ክትረኽብዎ ተስፋ ንገብር ! ናብ ብዙሓት ሰባት ክተባጽሕዎ ንዕድም። ከም ናይ ብድምጽን ብቪድዮን ንኽትቀርጽዎ ነዚ ጽሑፍ ተጠቐሙ። ወይ'ውን ምስ ካልኦት ንኽትካፈልዎ ናብ ብዙሓት ቋንቋታት ተርጉምዎ። ነቶም ምንጭታት እዚ ሓበሬታ፡ ውመንስ ኮሌጅ ሆስፒታል( Women's College Hospital) ፣ ኦካሲ( OCASI) ፣ ታይቡ ኮማዊ ማእከል ጥዕናን ናይ ስዯተናታት 613 በጃኹም ክብሪ ሃብዎም (TAIBU Community Health Centre and Refugee 613)።

*ካብ 25 ግንቦት 2021 ቅኑዕ ኢዩ።*

እቲ ኣብ'ዚ ቡለቲን ዘሎ ሓበሬታ ብሓካይም ካናዳ፡ መብ ራሺድ ኤምዲን ተሓጋጋዚ ፕሮፌሰርን ኣብ ዩኒቨርሲቲ ቶሮንቶ፡ ሸኔሳ ረዱት ኤምዲን ሌክቸረርን ኣብ ዩኒቨርሲቲ ቶሮንቶ፡ ከምኡ'ውን ኣይዛክ ኣይ ቦጎች ኤምዲን ተሓጋጋዚ ፕሮፌሰርን ኣብ ዩኒቨርሲቲ ቶሮንቶን ቅኑዕ መኧኑ ዝተረጋገጸ ኢዩ።

{REFUGEE}613 · TAIBU COMMUNITY HEALTH CENTRE · OCASI Ontario Council of Agencies Serving Immigrants · WCH WOMEN'S COLLEGE HOSPITAL Healthcare | REVOLUTIONIZED

Funded by: Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Financé par : Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

With contributions from: pchs Serving Diverse Communities · Occupational Health Clinics for Ontario Workers Inc. · MCIS Language Solutions